# ፩ይ ሰንበት ዘአስተምህሮ ኅዳር 2016 ዓ.ም.

## ኅዳር 9 2016 ዓ.ም.(11/19/2023)

### ዝሓለፈ አብሳና አይትዘክረልና

**መዝሙር፡** ኢተዘኪሮ አበሳ ዚአነ ኢኃደገነ ፍጹመ ንማስን... አበሳና አይዘከረን (ዘኽታማት ክንከውን አይሓደገናን) ክንጠፍእ አይሓደገናን፥ሕያዋይ እግዚአብሔር፥ ሙሴ ንህዝቢ ሰንበት ብሓቂ ከኽብሩ አዘዞም።

**ንባባት፡** ዕብ 10፡11-18፥ይሁዳ 1፡17-22 ግ.ሓ.5፡17-26፥ማር 13፡24-32

**ምስባክ፡** እትዝክር ለነ አበሳነ ዘትካት። ፍጡነ ይርከበነ ሣህልከ እግዚኦ። እስመ ተመንደብነ ፈድፋደ። ንዝሓለፈ በደልና አይትቑጸረልና፤ቀልጢፍካ ምሕረት ግበረልና፤ከመይ ተስፋ ቆሪጽና አሎና። መዝ79፡8(ቅዳሴ ዘእግዚእነ፤ ነአኩተከ)።

ካብ ኅዳር 7 ክሳብ 7 ታሕሣሥ ወይ 13 ዘሎ ጊዜ ዘአስተምህሮ ይብሃል፥ አብ ቀዳማይ ሶምን ዘአስተምህሮ አብ እንዝክሮ ናይ አምላኽ ሕያውነትን፥ ትዕግስትን፥ ክብርን ምስጋናን ነስተንትን። ዘአስተምህሮ ሓምሽተ ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ። አብዚ ሓምሽተ ሰናብቲ ናይ ጎይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ትምህርትን ዝገበሮ ናይ ምሕረት ሥራሕን ክነስተንትን ይሕግዘና።

መዝሙር፥ ናይ አምላኽ ቅሩቡነት አብ ምድኃን ደቂ ሰብ ይነግረና።አምላኽ ኩሉ ጊዜ ፍጡረይ አበሎ/ላ እናበለ ይደልየና። ኢየሱስ ብቃሉ ብግብሩ ዝገለጾ ንደቂ ሰብ ቃል ሃይማኖት የስምዖም ነበረ፥ ኩሉ መገዲ ድሕነት ነገሮም፥ ኮይኑ ግን ሰባት ልቦም አይከፈቱሉን ርሓቕዎ፥ እኳ ድአ አብ መጨረሽታ ቀተልዎ። ሎሚ ነፍስ ወከፍና ተቐበልቲ ቃል አምላኽ ክንከውን ንዕደም አሎና። ንመገዲ አምላኽ ክንፈልጥ እሞ አብ ጉዕዞ ድሕነት ክንጸንዕ፥ አብ ቤት አቦና ተመሊስና ደቂ ቤት ክንከውን።

ዘኻትም ክንከውን አይ ሓደገናን፥ ዘኽታም መስተማሳላይ እዩ፥ ኵሉ ጊዜ ጎዲሉኒ ዝብል፥ ርእሰ ምትእምማን ዝጎድሎ እዩ። አብ ዝገብሮ ውሳኔታት ዝኽትምንኡ ይሓስብ በዚ ኸአ ጎደሎ እዩ። ዝኽትምና መንፈስ ክብሃል እንክሎ ዝገደደ እዩ፥ ማለት ንአምላኽ ዝገብረልካ ዘይምርአይ አብ ርእስኻ ተአሚንካ ዘይቅኑዕ መገዲ ሒዝካ ምኻድ እዩ። ኢየሱስ ባዕሉ ዘኻታማት ኮንኩም አይ ክሓድገኩምን እየ ኢሉና እዩ። ስለዚ ዝኽትምና መንፈስ ከይወርሰና ተጊህና ክንጉዓዝ የድሊ።

አብ ናይ ሎሚ ምስማክ ንዝሓለፈ በደልና አይትቑጸረልና፤ ቀልጢፍካ ምሕረት ግበረልና፤ ከመይ ተስፋ ቆሪጽና አሎና (መዝ 79፡8) እናበልና ጸሊና። አምላኽ ንዝሓለፈ በደላትና ክቖጽር ዘይደሊ አብ ምሕረት ዝዘንበለ እዩ፥ አብኡ አሚኖም ንዝቐረቡ ኃዳግን ተቐባልን እዩ። አብ ሉቃስ 15 ከም እነንብቦ እዚ ወደይ/ጓለይ ሞይቱ ነሩ ሓውዩ ጠፊኡ ነሩ ተረኺቡ እናበለ አብ ምምላስ ናይ ነፍሲ ወከፍና ከም ዝሕጎስ ንርኢ። አብ ቤት አቦና ክንምለስ እዩ ዝድለ ዘሎ። ወዲ ቤት ኮብሊሉ ሕይወት ክውድእ አይናቱን እዩ ክንምለስ አሎና። አብ ልብና ተመሊስና ቤት አቦና ክናፍቕ ይግባእ ሽዑ ንጉዕዞ ንስሓን ዕርቅን ክንትልሞ ክንገብሮ ይግባእና።

ከምቲ በታኒ ወዲ አቦ አብ ቅድሚ አምላኽን አብ ቅድሜኻን ኃጢአት ገበርኩ ደጊምስ ወድኻ ኽብሃል አይበቅዕን እየ እናበለና አብ መንበረ ንስሓን ዕርቅን ምሕረትን ክንምለስ ቤት አቦና ክናፍቕ ሕይውነትና ክንደሊ እዩ ዝድለ ዘሎ።

አምላኽ አብ አብ አፍደገ ደው ኢሉ ማዕጾ ኳሕኳሕ አብል አሎኹ ሓደ እኳ ድምፀይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ ናብኡ ኽአቱ ምስኡ አብ መአዲ ኽቕመጥ እየ፥ ንሱ ምሳይ ኪቕመጥ እዩ (ራእ 3፡20) እናበለ ይኩሕኩሕ አሎ። ደቂ ምሕረትን ጸጋን ኮና ብርሃን ክንበርህ እሞ ንኻልኦት ደቂ ብርሃን ዝኾኑሉ ዕድል ክንከፍት ንሕተት አሎና።

ኣብ ቤት ኣምላኽ ክንእቱ ክንመላለስ ከሎና ንሓዲስ ተልእኮ ደቂ ቤት ኮና ኣብ መኣዲ ምሕረት ክንመላለስ ብዝያዳ ክንዕጠቕን ክንወፍርን እዩ። ፍቕሪ ኣምላኽን ሓውናን ዝመልአ ልብና ሰይጣን ብዳግም ከይዕወተሉ እንዓጽወሉ እዋን ኢና ዘሎና።ንቂምታን ቅርሕንትን ስዒርና ኣብ ሰላምን ፍቕርን ክንምለስ እዩ እቲ ዝድለ ዘሎ።
ኣምላኽ ክምሕረና ምሳና ሓዲስ ዝምድና ክፈጥር ፍቓደኛ ካብ ኮነ ንሕና እውን መጀመርያ ንምሕረቱ ክንቅበል ስንድዋት ክንከውን ስዒቡ ኸአ ንኸማና ዝበሉ ሓውናን  ሓፍትናን ክንምሕር ፍቓደኛታት ንኹን። ሓንቲ መዓልቲ እውን ትኹን ልብና ተቐይሙን ተባኢሱን እንከሎ ክነሕልፍ የብልናን። ቅዱስ ጳውሎስ ከም ዝብለና ኣብ ቍጥዓኹም ፀሓይ ኣይትዕረብኩም፥ ንድያብሎስ ከአ መገዲ ኣይትሃብዎ (ኤፈ. 4፡26-27)። ተባኢስና ተቐያይምና ከሎና ሕይወትና ክንመርሕ ድላይ ኣምላኽ ኣይ ኮነን ደፊርና ኣብ እግሪ ሓውናን ሓፍትናን ተደፊእና እቕረ በለለይ በልለይ ክንብሃሃል ይግባእ። ልብና ረሲሑ ተቐይሙ እንከሎ ሱቕ ኢልና ዘይ ንሱ ዘይ ንሳ እያ እናበልና ኣፍደገ ምሕረት ኣምላኽ ኣይንዕጾ።
መዓልታዊ ጉዕዞ ሕይወትና ዕዉትን ቅድስናን ዝመልአ ክኸውን ብኸምዚ ዝስዕብ ክንመርሕ ኣሎና።

- ምስ ኣምላኽይ ተዓሪቐዶ። ነቲ ኣብ ሕቕፉ ክምለስ ዝተጸበየኒ ኣምላኽ ተመሊሰዮዶ ኣሎኹ፥ ምኽንያቱ ንሱ ደቀይ ይምለሱኒዶ ይኾኑ እናበለ ነታ ንጥፍኣት ዝወሰደትና መገዲ እናረአየ ይጽበየና ኣሎ። ንምሕረት ኣምላኽ ክንርኢ እንተ ኸኣልና ክንሳሕ ምሕረት ክንሓትት ኣይከጸግመናን እዩ። ኣምላኽ ቁጥዓኡ ንዘለዓለም ኣይሕዝን እዩ።

ኣብ ሚክይሳ ነብይ 7፡18-19 ተገሊጹ ከም እንረኽቦ እግዚአብሔር ኣበሳ ዝኃድግ በደል እቶም ዝተረፉ ርስቱ ዝኾኑ ሕዝቢ ዜኅልፍ ከምኡ ዝበለ ኣምላኽ ከምዘየለ ይገልጽ። ንእና ክምሕር ደስ እዩ ዝብሎ በዚ ምኽንያት ቁጥዓኡ ንሓዋሩ ኣይጸንሕን። መሊሱ ክርሕርሓልና ንኣበሳና ኣብ ትሕቲ እግሩ ክረግጾ ንኹሉ ኣበሳና ኃጢኣትና ናብ መዓሙቕ ባሕሪ ክትድርብዮ ኢኻ እናበለ ኣምላኽ ከምዝምለሰናን ዝምሕረናን ይነግር።
ካባና ዝድለ ምስ ዳዊት መዘምር ኮና ኦ እግዚአብሔር ነቲ ብንእስነተይ ዝገበርክዎ ኃጢአተይን ኣበሳይን ኣይትዘክሮ ከም ለውኃትካ ምእንቲ ፍቕርኻ ኢልካ ዘክረኒ (መዝ. 25፡7) እናበልና ምጽላይ እዩ።

- ምስ ኃወይ/ኃፍተይ ክንዕረቕ። ጉዕዞ ሰማይ ካብዚ ምድሪ እዩ ዝጅምር። ምስ ሓውናን ሓፍትናን ዘሎና ርክብ ኣብ ምሕረት ኣምላኽ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ነቲ ዝረአዮ ኃዉ ዘየፍቀሮስ ነቲ ዘይረአዮ ኣምላኽ ኬፍቅሮ ኣይክኣሎን እዩ እሞ ንኃዉ እናጸልአስ ንኣምላኽ ኣፍቅሮ እየ ዚብል እንተሎ ንሱ ሓሳዊ እዩ፥ እቲ ኻብኡ ዝተቐበልናዮ ትእዛዝ እቲ ንኣምላኽ ዜፍቅሮ ንኃዉ ድማ የፍቅር (1ዮሓ 4፡20-21) ይብለና። ንሓውና/ሓፍትና ክነፍቅር ክንምሕር ምኽሪ ኣይ ኮነን ትእዛዝ እዩ። ኣቦና ር.ሊ.ጳ.ጳ. ፍራንቸስኮስ ንኸማና ዝበሉ ብዓይኒ ክርስቶስ ርኢና ክንክእል ኢሎም ደጋጊሞም ምሕረት ክንገብሩ የስተምህሩና።ከምቲ ሰማይዊ ኣቦኹም ርኅሩኅ ዝኾነ ንስኻትኩም ከአ ርኅሩኃት ኩኑ (ሉቃ 6፡36) ንዝብል መሰረት ገሮም ኩሉ ጊዜ የስተምህሩና።

ዘመነ ጽጌ ዛዚምና ዘመን ኣስተምህሮ ኣብ እንጅምረሉ ዘሎና እምብኣር ቃል ኣምላኽ ክንምሃር ክነስተንትን ኣብ ልብና ኣሕዲርና ኣብኡ ክንምለስ እሞ ሕይወትና ምስኡ ክንጉዓዝ ክንመርሑ ኣብ ጸግኡ ኣሚና ንጀምሮ። ሎሚ እውን ምሳኹም ኣሎኹ ሓንትስ ንስኹም ካባይ ኣይትኾብልሉ እምበር ኣነስ ምሳኹም ኣሎኹ እዩ ዝብለና።
ኣብ ተሪኽ ድሕነት ከም ማርያም ገሩ ንኣምላኽ ልቡ ዝኸፈተ የለን። ሉቃስ ወንጌላዊ ንኹሉ ኣብ ልባ ትዓቕሮ ነበረት ይብለና። ንወዳ ብኹሉ ትሰምዖ ትኽተሎ ነራ በዚ ቀዳመይቲ ሓዋርያ ንብላ። እምብኣር ኣሰር ማርያም ስዒብና ወዳ ዝብሎን ዝደልዮን ንግበርን ንስማዕን።
ኦ ማርያም ኣደና ኣደ ምሕረት ኢኺ እሞ ኣብዚ ቅዱስ እዋን ክንባረኽ ለምንልና።
ብሩኽ ዘመን ኣስተምህሮ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ